# ኣዲኣ ገዲፉስ ሓትንኣ ትናፍቕ

ዓለም ብብግዚኡ ኣሰቃቒ ዝኾኑ ተፈጥርኣዊን ሰብ- ሰርሖ ሓደጋታትን ክጋጥማ ብቀጻሊ ንዕዘብ ኣሎና። ባህርያዊ ሓደጋታት ከም ድርቂ፣ ምንቅጥቃጥ መሬት፣ ህቦብላ፣ ባርዕን ወራር ኣምበጣን ወ.ዘ.ተ. ዝብሃሉ እዮም። ሰብ-ሰርሖ ሓደጋታት ድማ ውግእ፣ ብልሽውና፣ሕማቕ ምሕደራ፣ ኣድልዎን ንሕብረተሰብ ብሃይማኖትን ዓሌትን ምክፍፋል ዝኣመሰሉ እዮም።

እዞም ክልተ ዓይነት ሓደጋታት ሃገራት ምስ ደረጃ ምዕባሌኤን መፍትሕን መግትእን ይገብራሉ እየን። ንኣብነት ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜርካ በብዓመቱ ካብ ሓደ ግዜ ንላዕሊ ህቦብላን ምንዳድ ሰፋሕቲ ሕዛእቲ ኣግራብን እንዳተኸስተ ብምልዮናት ዝግመት ንብረትን ሂወት ኣሽሓት ህዝብን ይቀዝፍ እዩ። መንግስቲ ኣሜርካ በቲ ዘለዎ ቁጠባዊ ሓይሊ ነቲ ዝወረደ ዕንወት ንምሕዋዩ ብዙሕ ጸገም የብሉን።

ብኻልእ ሸነኽ ኣብ ሱሉስ ዓለም ባህርያውን ሰብ-ሰርሖ ሓደጋታትን ዘውርዶ ዕንወት፣ ሃገራት ነብሰን ኪኢለን ከም'ቲ ዝድለ በይነን ኮይነን ሽግራተን ክፈትሓ ኣጸጋሚ እዩ። ስለ'ዚ ማሕበረሰብ ዓለም ሓገዝ ንክገብረለን ጻዊዒት ብምግባር ሽግራተን ክፈትሓ ይፍትና። ኣብ'ዚ ምስ ማሕበረ-ሰብ ዓለም ዝግበር ምትሕግጋዝ ክልተ ገጽ ሒዙ እዩ ዝቀርብ።

እቲ ቀዳማይ ገጽ ዋላ'ኳ ነቲ ዘለካ ሽግር ዘቃልል እንተኾነ ባዕልኻ ጺዒርካ ነብስኻ ክይተማሓድርን ዉሉፍን ጉዙእን ናይ ምጽወታ ኮንካ ክትነብር ይገብረካ። ሓደ ህዝቢ ብምጽወታ ዝነብር እንተኾይኑ ውሽጣዊ መደባቱ ባዕሉ ክሰርዕን ክካይድን ክማሓድን ኣይኽእልን እዩ። እቶም ሓገዝ ዝህብኻ ተጽዕኖታት ስለዝገብሩልካ ንውሽጣዊ ጉዳያትካ ባዕሎም የማሓድርዎን የማእዝንዎን- በዚ ድማ መደባት ለቃሕ የዋጹዱልካ። ስለ'ዚ እታ ሃገር ብሰንኪ ዘለዋ ዕዳ ዳግማይ ኣብ ስዉር መግዛእቲ ትኣቱ፣ ሃብትን ጸጋታት እታ ሃገር ድማ መኸፈሊ ዕዳ ስለዝኸውን እታ ሃገር ድማ ብነጻ ከምድላዮም ንክብዝብዝዋ ዕድል ይኸፍተሎም።

ኤርትራ ሃገርና ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ኣብ መኸተ ኣንጻር ወራር ኣንበጣን ኮሮና ቫይረስን ትርከብ ኣላ። ኣብ'ዚ ናይ መኸተ ግዜ መንግስቲ ዓበይቲ ምድላዋት

ብምግባር ህዝቢ ብሕማም ኮሮና ከይመውት፣ ሓረስቶት ሃገርና ድማ ብወራር ኣንበጣ ምህርቶም ከይጠፍእን ከቢድ ጻዕሪ ይግበር ኣሎ። እዚ መደብ ድማ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ውሽጥን ኣብ ወጻእን ዝነብር ኢድን ጓንትን ብምኻን ነዚ ኣዕናዊ ለባዳን ወራር ኣንበጣን ንምምካት ብትብዓት ይሰርሑ ኣለዉ። ክሳብ ሕጂ ድማ ዘሐብን ዓወታት ተመዝጊቡ ኣሎ፣ እቲ ኩነታት ግን ፈጺሙ ጠፊኡ ክብሃል ኣይካኣልን እዩ። ስለ'ዚ ነፍሲ-ወከፍ ዜጋ ኩሉ ግዜ ከምዝሓለፈ ድልው ብምኻን ገቡኣቱ ክገብር ይግባእ።

ወራር ዕስለ ኣንበጣን ሕማም ኮቪድ 19 ክሳብ ሕጂ ካብ ጎረባብቲ ሃገራት ማለት- ኢትዮጵያ፣ የመን፣ ሱዳንን እዩ ዝመጸና ዘሎ። ዋላ ንሕና ዓድና ኣጽኒዕና እንተሓዝና ተደጋጋሚ ወረራታት ናይ'ዚ ክስተት ቀጻሊ እዩ ዘሎ። ኣብ ከምዚ ኩነታት ብደረጃ ሃገራትን ዞባን እንታይ እዩ ክግበር ዘለዎ። ከም'ዚ ዓይነት ሽግራት ብተናጸል ዝፍታሕ ኣይኮነን። ሃገራት ብክልታኣውን ዞባውን ምርድዳእ መፍትሒ ክናደየሉ ኣለዎ።

ሓደ ካብ'ቲ መፍትሒ ተባሂሉ ብተበግሶ ፕረሲደንት ኢሰያስ ኣፈወርቂ ዝተመስረተ ኢጋድ  ብሰንኪ ተጻብኦታት ወያነ ኣብ ልዕሊ ሃገረ ኤርትራ ገበናት ዝፈጸመ፣ ሕጂ ተዳኺሙ ብዙሕ ውጹኢታዊ ስራሕ ይሰርሕ የሎን። ንቀጻሊ ግን እዚ ወድብ ምምሕያሽ ብምግባር ንመፍትሒ ሽግራት ዝጠቅም መደባት ክገብር ኣለዎ። ካልኣይ ኣብ ሰብዓታት ንወራር ኣንበጣ ንምምካት ተባሂሉ ዝቖመ ውዳቤ ነይሩ። ናይ ምብራቕ ኣፍሪካ ምክልኻል ኣንበጣ ( DLCO-EA) ተባሂሉ ዝፍለጥ ነፈርትን ኣድላዩ መሳርሕን ዘውንን ዝነበረ ማእከላይ መደበሩ ኣብ ኣስመራ ነይሩ። ድሕሪ ደርጊ ኣብ ስልጣን ምምጽኡ ሃለዋቱ ኣጥፊኡ ይርከብ። እዚ ትካል እንደገና ተወዲቡ ስርሑ ክቕጽል ዝሓሸ እዩ። እንተዘይኮይኑ ከምዚ ሕጂ ኣብ ክልል ትግራይን ወሎን ዝርኤ ዘሎ ወራር ኣንበጣ ክሳብ ክንደይ ኣሸጋሪ ምኻኑ ኣድላይነት ናይ ከም'ዚ ዝእመሰለ ሓያል ውዳቤ  ኣገዳሲ እዩ።

ካልእ ነዚ ኩነታት ዘጋድዶን ባህርያት ወያነ ብሕጊ ተቀይድካ ዘይምኻድ እዩ። ክልል ትግራይ ምስ ማእከላይ መንግስቲ ዘለዎ ምስሕሓብብ መጀመርታ ንህዝብ ትግራይ ቀጺሉ ድማ ንህዝቢ ኢትዮጵያን ኤርትራን ሓደገኛ እዩ። እዚ ሕጂ ኣብ ክልል ትግራይን ዎሎን ተኸሲቱ ዘሎ ወራር ኣንበጣ ኣዝዩ ሓያል እዩ። ከም እንዕዘቦ ዘለና ድማ ኣብ ብዙሕ ከባብታት ትግራይን ዎሎን ዝነበረ ኣዝርእቲ ሙሉእ ብሙሉእ ስለዝዓነወ ህዝቢ ኣብ ሕማቅ ኩነታት

ኣሎ። ነበርቲ ናይዚ ዝተጠቕዐ ቦታት ከምዝብልዎ እቲ ኣንበጣ ንእኽሊ ወዲኡ ኣብ ነብስና ብምምጻእ የዕንትና ከየጥፍኣና ንፈርሕ ኣሎና ይብሉ።እዚ ኣንበጣ ዋላ ብጥይትን ሞግልሕ ድምጽን እሽ ነቕ ዘይብል ብምባል ደረቕኛ ኣንበጣ መጺኡና ይብሉ ኣለዉ።

ኣብ ከምዚ ሕማቕ ተርእዮ ይትረፍ ንጎረቤትካን ምሳኻ ሓቢሩ ዝተቓለሰ ህዝቢ ንካልእ ዓለም እውን ሕማቕ ኣይትምነየሉን ኢኻ። ህዝቢ ትግራይ ብስሙ ዝተመንዝዔ ቢልዮናት ዶላራት ኣብ ጅባ ሓለፍቲ ወያነ ኣሎ። ብዓቢኡ ኢፎርት(EFFORT) ዝብሃል ትካል ከም'ቲ ኣቦይ ስብሓት ሓላፊ እዛ ትካል ዝብልዎ ኣብ ኢትዮጵያ መወዳድርቲ ዘይብሉ ዝሃብተመ ትካል እዩ፣ እዚ ንብረት ህዝቢ ትግራይ እዩ ኢሉ ደጋጊሙ ይገልጽ ኣሎ። ህዝቢ ትግራይ ሕጂ እዩ ኣብ'ቲ ዝኸፍኤ ጸገም ዘሎ። እዚ ካብ ህዝቢ ኤርትራን ኢትዮጵያን ተዘሚቱ ተኣኪቡ ዞሎ ሃብቲ ሕጂ መድሓን ነብሱ ክኸውን ኣለዎ።

ሸቐጥ ወያነን ባንዳታት ኤርትራን ግን ኣይውዳእን እዩ። ኣብ መንጎ ህዝቢ ትግራይን ህዝቢ ኤርትራን ዋላ ሓንቲ ጽልኢ የለን። መንግስትን ህዝብን ኤርትራ ንህዝቢ ትግራይ ዝጸልእ ነይሩ እንተዝኸውን ንኣሽሓት ተጋደልቲ ደምሒት ንልዕሊ ዓሰርተ ዓመታት መግቦምን፣ መጽለሊኦምን፣ስንቆምን ዕጥቆምን ኣንጻር እዚ ሽፍታ ወያነ ክቃለሱ ኣይምሓገዝዎምን።

ኤርትራውያን ብውልቂ ንህዝቢ ትግራይ ምድጋፍ ጽቡቕ እዩ። እቲ ዝወሃብ ሓገዝ ንህዝቢ ትግራይ ክበጽሖ ድዩ'ሽ? ወይሲ ወያነ ንህዝቢ ኤርትራ ንክወርር ኢና ንሕግዝ ዞለና? ካብ ንፖሎቲካዊ ሸቀጥ ሓገዝ ኤርትራውያን ተዋሂቡ ዝብሃል፣ ህዝቢ ትግራይ ምስ ወያነ ዘሎ ኣብ ፈቀዶ ኣሜሪካን ካናዳን ብገንዘብ ህዝቢ ትግራይ ቪላታትን ገዛውትን ዝዕድግዎ ዘለዉ ህዝቦም ካብ ሽግሩ ንክድሕኑ እዚ ዘይተኣደነ ገንዘብ ህዝቢ፣ ህዝቦም ይጠቀመሉ።

መሳሰይቲ ወያነ ብገንዘብ ተዓዲጎም ንሃገሮም ክዕንዉ ዝተበገሱ ባንዳን ደቂ ባንዳን ኣለም ጎይትኦም፣ ሓረጉ ቀለታ፣ ኣማኒኤል እያሱን ጉጅለ ይኣክልን ካብቲ ብወያነ ዝተኸፍልዎ ገንዘብ እንተኣበርከቱ "ዝበላዕክምዎ ምለሱ ብሰማይ ከይትኸሰሱ" ጥራሕ ኢና ክንብሎም እንደሊ።

ግብረሰናይ ኣብ ገዛኻ እዩ ዝጅመር፣ ህዝብኻ ኣብ ሽግር እንዳሃለወ ሓገዝካ ከይተበርክት ምስምስ እንዳሃብካ ንጉዕዙይ ዕላማ ይኣክል መፋተዊ ምስ

መሪሕነት ወያነ ክገብርዎ ገበን እዩ። እቲ ገበን ንህዝቢ ትግራይ ምሕጋዝ ኣይኮነን፣ ብስም ህዝቢ ትግራይ ምሽቃጥ ግን ዓቢ ገበን እዩ። ህዝቢ ትግራይ ሕማቅ ክረክብ ትምኒትን ድሌትን ህዝቢ ኤርትራ ኣይኮነን። እቶም ንፖለቲካዊ ሽቀጥ መነባብርኦም ምስ ዲጂታል ወያነ ኮይኖም ዘውደኽድኹ ዘለዉ "ኣዲኣ ገዲፋስ ሓትንኣ ትናፍቕ" ጥራሕ ኢና እንብሎም።

እዚ ኩሉ ህዝቢ ትግራይ ዝረኸቦ ዘሎ ጸገም በቲ ኩፉእ ባህርያት መሪሕነት ወያነ እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ቀሲኑ ከይሓድር ዶቡ ከይሕንጸጽ ብሰላም ምስ ሙሉእ ህዝቢ ኢትዮጵያ ንከይንነብር ዝግበር ውዲት ፍረ ውጺኢቱ እዩ። ህዝቢ ትግራይ ክነቅሕ፣ ምስ ኤርትራውያን ኣሕዋቶም ክተሓጋገዙን ኣንጻር ጉሒላ ጭፍራ ክላዓሉ ኣለዎም።

ግርማይ የማነ tzinaat@gmail.com

ርያድ ስዑዲ ዓረብ